ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.138 ሰንበት 8 ለካቲት 2026 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 3
"ፈንቅል፡ ንወለዶታት ሓለፍንት ዘለክም . . .


ገጽ 4
መሰል ተጠቃምነት ማይ


ገጽ 5
ካብ ቅርስታት ሰውራና


ገጽ 6
ምልክታ

ገጽ 7
ሕማም ልቢ - እቲ ቀዳማይ ቀታሊ ሕማም ኣብ ዓለም


# ጽንብል መበል 36 ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል፡ ካብ 13 ክሳብ 15 ለካቲት ክካየድ'ዩ



ወግዓዊ ጽንብል መበል 36 ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል፡ "ቅያ ፈንቅል ንወለዶታት" ብዝብል ቴማ፡ ካብ 13 ክሳብ 15 ለካቲት ክካየድ'ዩ፡፡

ኣደ-መንበር ኣወሃሃዲት ሽማግለ በዓላት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወ/ሮ ዘይኑብ ዑመር ኣብ ዝሃበቶ ሓበሬታ፡ መበል 36 ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል ንምጽንባል እኹል ምድላዋት ከም ዝተገብረ፣ ገለ መደባት ድማ ድሮ ከም ዝተጀመረ ገሊጻ፡፡

ብመሰረት ሓበሬታኣ፡ ከም ኣካል መደባት ጽንብል፡ ምስ ሃገራዊ ብምውህሃድ ዝተወደበ ቅኒ መንእሰያት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ካብ 28 ክሳብ 31 ጥሪ፣ ከምኡ'ውን ህዝቢ፣ ሰራዊትን ሰራሕተኛታት መንግስትን ዝተሳተፍዎ ንጥፈታት ጽሬት ከተማ ብ31 ጥሪ ክሰላሰል ከሎ፡ ብዞባን ሃገራዊ ፈደረሽንን ዝተወደበ ውድድራት ከዕሶ እግሪን ብሽክሌታን ድማ ይካየድ ኣሎ፡፡

ብሃገራዊ ፈደረሽን ኣትሌቲክስ ኤርትራ ዓመታዊ ኣብ ዝውደብ ውድድር ፍርቂ ማራቶን ምብራቕ ኣፍሪቃ፡ ሎሚ ዓመት ኣትሌታት ሓሙሽተ ሃገራት ማለት ኤርትራ፡ ደቡብ ሱዳን፡ ኡጋንዳ፡ ታንዛንያን ኬንያን ክሳተፉ ምዃኖም ዝሓበረት ወ/ሮ ዘይኑብ፡ ኣብ መንጎ 6 ዞባታት ዝካየድ ግጥማት ከዕሶ እግሪ ገማግም ባሕሪ፡ ውድድራት ምሕንባስን ምቕዛፍ ጀላቡን፣ ስእላውን ንዋታውን ምርኢት፣ ሰሚናራት፣ ሽልማት ፈንቅል፣ መደባት ቁልዑን ምስትምቓር ጸጋታት ባሕርን ኣካል ናይ'ቲ መደባት ምዃኖም ኣፍሊጣ፡፡

ብዘይካ'ዚ፡ ስነጥበባዊ መሰናድኣታት፡ ባህላዊ ምርኢት ጉደናታት ባዛር፡ ኮማዊ ዳንስን ካልእን መደባት ከም ዝሃሉ ኣብሪሃ፡፡




# ጎኒ - ኣህጉራዊ መዓልቲ 'ኣይፋል ንክሽቦ'፡ ብደረጃ ሃገር ተዘኪሩ

6 ለካቲት - ኣህጉራዊ መዓልቲ ኣይፋል ንክሽቦ ጓልኣንስተይቲ፡ "ክሽቦ ደቂኣንስትዮ ኣብ 2030 ክውገድ፡ ዘሎቺ ተወፋይነትን ወፍሪን የድሊ" ብዝብል ቴማ፡ ብደረጃ ሃገር ኣብ ንኡስ ዞባ ጎኒ ተዘኪሩ፡፡

ኣብ ምምሕዳር ዞባ ጋሽ-ባርካ - ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣቶ ፍራንኮ ኮጣ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ንቅሓት ሕብረተሰብ ኣብ ሳዕቤናት ጎድኣቲ ልምድታት ብሓፈሻ መርዓ ትሕቲ ዕድመን ክሽቦ ደቂኣንስትዮን ድማ ብፍላይ ክብ ብምባል፡ ጥዕናውን ማሕበራዊ ቁጠባውን ሳዕቤናቱ ንምግታእ ኣብ ዝካየድ ጻዕሪ ንቑሕ ተሳትፎ ሕብረተሰብን መሻርኽቲ ኣካላትን ኣገዳሲ ከም ዝኾነ ኣተሓሳሰበ፡፡

ኣብ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዳይረክተር ጨንፈር ድሕነት ቈልዑን ስድራቤትን ኣቶ ተስፋ ሰሎሞን ብወገኑ፡ ናይ ሎሚ ዓመት ቴማ - ኔቲ ክሳብ 2030




ክሽቦ ጓልኣንስተይቲ ደው ንምባል ብደረጃ ዓለም ተኣሚሙ ዝስራሓሉ ዘሎ ሸቶ ዘንጸባርቕ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ዚ. ንምርግጋጽ ኣፍሲ-ወከፍ ዜጋ ግደኡ ክጻወት ከም ዘለዎ ገሊጹ፡፡

ኣዋጅ ቊጽሪ 158/2007 ምርኩስ ብምግባር፡ ክሽቦ ጓልኣንስተይትን ካልኦት ጎዳእቲ ልምድታትን ንምውጋድ ክስራሕ ምጽንሑ፣ ድሮ'ውን ብደረጃ ሃገር 17 ንኡስ ዞባታት ነጻ ካብ ክሽቦ ደቂኣንስትዮ ከም ዝኣወጃ ዝጠቐሰ ኣቶ ተስፋ፡ ተመዝጊቡ ዘሎ ዓወት ብምዕቃብ ዝበለጸ ወጽኢት ብወሃደት ክስራሕ ኣዘኻኺሩ፡፡

ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ ድማ፡ ኣብ'ቲ ዞባ ክልተ ንኡስ ዞባታት ጥራይ ነጻ ካብ ክሽቦ ከም ዘይኣወጃ፣ እዚ ድማ ዝያዳ ሓያል ስራሕ ከም ዘድሊ ዝእምት ምዃኑ ብምሕባር፡ ኣመሓደርቲ ከባቢ፡ ሃገራውያን ማሕበራት፡ መራሕቲ ሃይማኖትን ኮሚቴ ምውጋድ ክሽቦን ብንቕሓት ክሰርሑ ኣተሓሳሰበ፡፡

ተሳተፍቲ ኣብ መወዳእታ፡ ሳዕቤናት ክሽቦ ጓልኣንስተይቲ ብምግንዛብ፡ ንምውጋዱን ደገሲ ንምክልኻልን ከም ዝሰርሑ ኣረጋጊጾም፡፡

እቲ ኣጋጣሚ፡ ብባህላውን ስነጥበባውን መሰናድኣታት ዝተሰነየ ነይሩ፡፡

6 ለካቲት - ኣህጉራዊ መዓልቲ ኣይፋል ንክሽቦ ጓልኣንስተይቲ፡ ብደረጃ ዞባን ንኡስ ዞባን እውን ከም ዝተዘከረት፡ ወኪላት ኤረና ሓቢሮም፡፡

ዜና

# ማእከል - እቶት ክረምታዊ ሕርሻ ብ8 ሚእታዊት ዓብዩ

ኣብ ዞባ ማእከል፡ ኣብ 2025 ኣብ ዝተዘርአ ልዕሊ 30 ሄክታር ክረምታዊ ሕርሻ፡ ልዕሊ 460 ሽሕ ኩንታል እቶት ከምእተረኽበ፣ እዚ ድማ ካብ'ቲ ናይ 2024 ብ8 ሚእታዊት ከምዝዓበ፡ ወኪል ክፍሊ ሕርሻን መሬትን ኣቶ ኣስራት ሃይለ ገሊጹ።

እቲ ዝተዘርአ ስፍሓት፡ 24,683 ሄክታር ኣእካል፡ 5,011 ሄክታር ጥረታት፡ 1,025 ሄክታር ድማ ናይ ቅብኢ ኣዝርእቲ ምንባሩ ብምጥቃስ፡ ዝናብ ክራማት ደንጉዩ'ኳ እንተጀመረ፡ ክሳብ ወርሒ መስከረም ብጽቡቕ ዝርግሐን መጠንን ስለዘቐጸለ ግዱ፡ ኣብ ምህርቲ እወታዊ ጽልዋ ከምዝነበሮ ኣብሪሁ።

ንኩነታት ዝናብ ብዝምልከት ኣቶ ኣስራት፡ እቲ ዝለዓለ ኣብ ዛግር ዝተመዝገበ 1081.4 ሚሊ-ሜትር ክኸውን ከሎ፡ ዝተሓተ ድማ ኣብ መርሓኖ ዝተመዝገበ 232.5 ሚሊ-



ሜትር ከምዘኾነ ኣፍሊጡ።

ኣብ ልምዓት መዓር፡ ምስ ምትእትታው ጋብላዊ ቀፎታት ልዕሊ 2 ሚልዮን ኩንታል እቶት ከምእተረኽበ፣ ካብ ናይ 2024 ድማ ብ29 ሚእታዊት ከምዝዓበየ ብምጥቃስ፡ ምህርቲ እንቋቑሖን ዓሳ ጥዑም ማይን ንምስሳን'ውን ዘተባብዕ ስራሕ ከምእተሰላሰለ ሓቢሩ።

ብዞባ ደረጃ ልዕሊ 2,700 ዝሕለባ ናይ ጸባ ኩቡት ከምዘለዋ ዘጠቕሰ ኣቶ ኣስራት፡ ብጠቕላላ ልዕሊ 8 ሚልዮን ሊትሮ ጸባ ከምዝፈረየ፣ እዚ ድማ ካብ'ቲ ናይ 2024 ብ6 ሚእታዊት ዕብየት ከምዘርኣየ ገሊጹ።

ንንጥፈታት መደበራት ፈልስን መደባት ምግራብን ኣመልኪቱ ድማ፡ 2.8 ሚልዮን ኣግራብ ከምዝፈለሰ፣ እቲ 1.8 ሚልዮን ካብኡ ድማ ከምእተተኸለ ኣነጺሩ።

ኣብ መወዳእታ ኣቶ ኣስራት፡ ኣብ'ዚ ሒዝናዮ ዘለና ዓመት ኣብ መደባት ምዕቃብ ማይን ሓመድን፡ ምግራብ፡ ከምኡ'ውን መደባት ንእስ ርቡሕ ቃጽያ ሕርሻ ብዝለዓለ ምስራሕ፡ ሎሚ ዓመት ተታሒዙ ካብ ዘሎ ዓበይቲ መደባት ከምዝኾኑ ኣብሪሁ።

# ጋሽ ባርካ - ዓመታዊ ያታዊ ፈስቲቫል “ኩንዱራ ታጉዳ” ብድምቀት ተኻዪዱ

ኣብ ብሄራት ናራን ኩናማን ዝውቱራት ካብ ዝኾኑ ያታዊ ወግዕታት ሓደ ዝኾነ ዓመታዊ ያታዊ ፈስቲቫል “ኩንዱራ ታጉዳ”፡ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ ዝርከብዎም ሓለፍትን ኣዘዝቲ ሰራዊትን ኣብ ዝተረኽቡሉ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ሻምቦ - ምምሕዳር ከባቢ ታውሳ ብድምቀት ተኻዪዱ።

ኣብ'ቲ ካብ 28 ጥሪ ክሳብ 3 ለካቲት ዝተኻየደ ያታዊ ፈስቲቫል፡ ካብ ምምሕዳራት ከባቢ ታውሳን ጎረባብቲ ዓድታትን ዝተኣኻኸቡ ኣባላት ብሄረ ኩናማ፡ ብባህላዊ ኣልባሳትን ቅዲ ጸጉርን ወቕዖም ባህላዊ ጸወታታትን ወግዕታትን ኣካይዶም።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ኣቶ እድሪስ ሳልሕ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ያታዊ ፈስቲቫል “ኩንዱራ ታጉዳ”፡ ኣብ ብሄረ ኩናማ ንወለዶታት እናተወራረሰ ዝመጸ ካብ ዓበይቲ ያታዊ ወግዕታት ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ምስ ኮሚተ መጸናዕቲ ረቂቕ ባህላዊ ውርሻታት ብሄረ ኩናማ ብምትሕብባር፡ ዕምቈት ናይ'ቲ ባህላዊ ውርሻ ብምጽናዕ ናብ መንእሰያት ዝሰጋገረሉ ባይታ ንምፍጣር ተበግሶ ተወሲዱ ብዕቱብ ይሰራሓሉ ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ዓበይቲ ዓዲ ብወገኖም፡ “ኩንዱራ ታጉዳ” ብኣባላት ብሄረ ኩናማ ብሓባር ዝጽንበል ያታዊ ወግዒ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ካብ ዓመት ናብ ዓመት እናደመቐ ምምጽኡ፡ ብወህደት ምምሕዳር ዞባን ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ንዝተገብረ ዘሎ ጻዕሪ ዘኹርዕ ምዃኑ ገሊጾም።

“ኩንዱራ” ኣብ ብሄረ ኩናማ ልዑል ክብሪ ዘወሃቦ ያታዊ ወግዒ ኮይኑ፡ “ኩንዱራ ኮና” ኣብ ወርሒ መስከረም ኣብ ንኡስ ዞባ ባረንቱ - ምምሕዳር ከባቢ ኮና፡ “ኩንዱራ ታጉዳ” ድማ ኣብ ወርሒ ጥሪ ኣብ ንኡስ ዞባ ሻምቦ - ምምሕዳር ከባቢ ታውሳ ዝጽንበሉ ተመሳሳሊ ያታዊ ወግዕታት'ዮም።

# ሓላፊት ሃማደኤ ዞባ ደቡብ፡ ምስ ደቀንስትዮ ዓዲቐይሕ ዘትያ

ሓላፊት ሃገራዊ ማሕበር ደቀኣንስትዮ ኤርትራ ዞባ ደቡብ ወ/ሮ ሰናይት ኣፈወርቂ፡ ኣብ ምብራቓዊ ኣጻድፍ ን/ዞባ ዓዲ-ቐይሕ ምስ ዝርከባ ደቀኣንስትዮ፡ ኣብ ኣገዳስነት ውዳበን ተሳታፍነት ደቀኣንስትዮ ኣብ መኣዲ ትምህርትን ዘትያ።

ብ2ን 3ን ለካቲት ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ኢጊላ፡ መሰንሎ ዙላ፡ ሳፈራን ሲቢራሶን ኣብ ዝተኻየደ ርክባት፡ ንተራን ኣበርክቶን ኤርትራውያን ደቀኣንስትዮ ኣብ ዝሓለፈ መድረኻት ዝጠቐሰት ወ/ሮ ሰናይት፡ ንቕሓት መሰረት ውዳበ፣ ውዳበ ድማ መሰረት ዓወት ስለዝኾኑ፡ ንቕሓተን ብምብራኽን ውዳበታተን ብምሕያልን ተሳታፍነተን ኣብ ኩሉ ሃገራዊ መደባት ከዕዝዛ ጸዊዓ።

“መሰረት ምዕባለ ትምህርቲ'ዩ” ዝበለት ወ/ሮ ሰናይት፡ ንኣደ ምምሃር ንሕብረተሰብ ምምሃር ስለዝኾኑ፡



ምምሕዳራትን ጸለውቲ ኣካላትን፡ ተሳታፍነት ደቀኣንስትዮ ኣብ ትምህርቲ ንምዕባይ፣ ከምኡ'ውን ሃሰይቲ ልምድታት ንምውጋድ ኣበርቲዖም ክሰርሑ ተላቢያ።

ኣብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ሃማደኤ ሓላፊት ዝምድናታት ወጻኢ ወ/ሮ እሙና ሳልሕ ብወገና፡ ጥዕናዊ፡ ኣካላዊ፡ ማሕበራውን ስነ-ኣምሮኣውን



ጉድኣት ብዘዕባ ዘስዕብ ልምድታትን ሳዕቤናቱን መብርሂ ድሕሪ ምሃብ፡ ንምቁጽጻሩ ብዕቱብ ክሰርሕ ተማሕጺና።

ተሳተፍቲ ኣብ መወዳእታ፡ ሰድራ ዝመሓድራ ደቀኣንስትዮ ደገፍ ክግበረለን፣ ፖለቲካዊ ንቕሓት ደቀኣንስትዮ ንምዕባይ ጎስጓሳት ክካየድ፣ ዓቕሚታተን ክብ ንምባል ሞያዊ ስልጠናታት ክውደብ፣ ከምኡ'ውን ምጥርናፍ ዓድታት ክድፋኣሉ ተላብየን።

# ኢራፋይለ - ሸፈነ ክንክን ቅድሚ ሕርሲ 60 ሚእታዊት በጺሑ

ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ኢራፋይለ - ንኡስ ዞባ ፎሮ ተደኲና ኣብ እትርከብ ማእከል ጥዕና፡ ሽፈነ ክንክን ቅድሚ ሕርሲ ኣብ 2025 ናብ 60 ሚእታዊት ክብ ከምዝበለ ተሓቢሩ።

ሓላፊ'ታ ማእከል ነርስ ዓብደላ ሑመድ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ከታቢት፡ክንክን ቅድሚን ድሕረን ሕርሲ፡ ሕርሲ፡ ከምኡ'ውን ዕለታዊ መርመራታት ዘጠቓልል ኣገልግሎታት ከምዝወሃብ ብምሕባር፡ ቁጽሪ ኣብ ትካል ጥዕና ናይ ዝሓረሳ ነፍሰጾራት ምስ ናይ ዝሓለፈ ዓመት ክነጻጸር ከሎ ብ12 ሚእታዊት ከምዝዓበየ፣ ሽፈነ ክታቢት ድማ ልዕሊ 95 ሚእታዊት ከምዝበጽሐ ኣረዲኡ።

ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማት ንምክልኻል ቀጻሊ ጎስጓሳት ከምዝካየድ ብምሕባር፡ ኣብ 2025 መርመራ HIVን ፍንጣጣን ኣብ ዝነበራ ነፍሰጾራት፡ መጠን መልከፍቲ ዜሮ ከምዝነበረ፣ ተርእዮ ሕማም ዓሶ ድማ ብ20 ሚእታዊት ከምዝነከየ ገሊጹ።

ማእከል ጥዕና ኢራፋይለ፡ ንበርቲ ምምሕዳራት ከባቢ ኢራፋይለን ጎዞቡን ዋሕስን ኣገልግሎት ትህብ።

# ሃማመተኤ ዞባ ሳዋን ትካላት ላዕለዋይ ትምህርትን፡ ጉባኤን ስልጠናን ኣካዪዱ

ሃማመተኤ ዞባ ሳዋን ትካላት ላዕለዋይ ትምህርትን ካብ 30 ጥሪ ክሳብ 2 ለካቲት ኣብ ሳዋ ጉባኤ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ምሕደራን መሪሕነትን ዘተኮረ ስልጠና ኣካዪዱ።

ኣብ'ቲ ካብ ቤት-ትምህርቲ ዋርሳይ-ይከኣሎ ዝተመርጹ 120 መንእሰያት መማህራን ዝተሳተፍዎ ጉባኤ፡ ንዝመጽእ ክልተ ዓመታት እተገልግል 15 ዝኣባላታ ኣካያዲት ኣካል ተመሪጹ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ጥበባት ምብህሃል፡ ምሕደራ ሰብን ጽልዋ መሪሕነትን፡ ኣብ ስራሕ ጸላዊ ምዃን፡ ምብራኽ ብቕዓትን ንቕሓትን፡ ከምኡ'ውን ውጥንን ፕሮግራምን ማሕበር ዘጠቓልል ስልጠና ን375 መንእሰያት ተዋሂቡ።

ሓላፊት ሃማመተኤ ዞባ ሳዋን ትካላት ላዕለዋይ ትምህርትን ወ/ሮ መንስራ እስማዒል ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ እቲ ስልጠና ኣብ ምብራኽ ብቕዓት ናይቶም መንእሰያት ኣበርክቶ ከምዘህልዎ እምነታ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ስልጠንቲ ብቐጻሊ ጻዕሪ ብምስፋሕ ቀላሲ ተራ ክህልዎም ተላብያ።

ካብ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሌተናል ኮሎኔል ዓንደብርሃን ቴድሮስ ድማ፡ ስልጠናታት ኣብ መጻኢ ብዓይነትን ብዝሕን ክቕጽል ብምዝኽኻር፡ ሰልጠንቲ ንዝቐሰምዎ ሞያ ብግብራዊ ስራሕ ከንጸባርቕዎ ተላብዮ።

ኣብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ሃማመተኤ ሓላፊት ምክትታል ዞባታት ሄለን ኣማኑ ብወገና፡ ብኽለንትናኡ ብቑዕ መንእሰይ ንምምልማል ብስፍሓት ይስራሓሉ ከምዘሎ ብምግላጽ፡ ሰልጠንቲ ኣብ ምምራሕን ምምእዛዝን ንኣሽቱ ኣሕዋቶምን ኣሓቶምን ብግብሪ ክሰርሑሉ ትጽቢት ከሉ ምዃኑ ኣረዲኣ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም    ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ    ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.113395-07588045
ምልክታ
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

# ቃለ- መሕትት

ኣብርሃም ዘርአ (ወዲ- ሃለቃ)

ስእሊ- ደምሳስ ጸጋይ

## “ፈንቅል፡ ንወለዶታት ሓላፍነት ዘሰክም ዝኽሪ’ዩ” ወ/ሮ ዘይነብ ዑመር

*ክቡራት ኣንበብቲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፥ ዘለናዮ ቅንያት ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል ንምጽንባል ምቅርራባት ዝግበረሉ ዘሎ እዋን ኮይኑ፥ ብዛዕባ ምድላዋቱ ኣመልኪትና ምስ ኣዴ-መንበር ኣወሃሃዲት ሽማግለ እቲ በዓል ወ/ሮ ዘይነብ ዑመር ቃለመጠይቕ ኣካዪድና ኣለና፤ ሰናይ ንባብ፡፡*

**- ናይ ሎሚ ዓመት ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል ንምጽንባል ዝተገብረ ምድላዋት ከመይ ይመስል፧ ተሓርዩ ዘሎ ሃገራዊ ጭርሖኸ እንታይ እዩ፧**

ናይ ሎሚ ዓመት በዓል ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል “ቀያ ፈንቅል ንወለዶታት” ኣብ ትሕቲ ዝብል ሃገራዊ ቴማ ካብ ዕለት 13 ክሳብ 14 ለካቲት 2026 ክበዓል እዩ፡፡ እዚ ክኸውን እንከሎ፡ ዓሚ ዝጀመርናዮ ሓደ መደብ’ውን ኣሎ፡፡ ካብ 12 ክሳብ 16 ለካቲት ዝቕጽል ክፉት ምርኢት ኤግዚቢሽን ክህልወና እዩ፡፡ ሓደ ካብ’ቲ ብዙሕ ምድላዋትን ጻዕርን ዝተገብረሉ መደብ እዩ፡፡ ብፍላይ ናይ ሎሚ ዓመት ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል ደምቀት መታን ክህልዎ ካብ 28 ክሳብ 31 ጥሪ ዝቐጸለ ብሃ.ግ.መ.ተ.ኤ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ዝተዳለወ ውዕውዕ ቅኑመንእሰያት ከም ዝተፈጸመ ተገይሩ እዩ፡፡ እዚ መደብ’ዚ ምስ ጽንበል ፈንቅል ተታሓሒዙ ዝግበር ዘሎ ኮይኑ፡ ዓቢ ትርጉም ዘለዎ ባህላውን ስፖርታውን ስነ-ጥበባውን ትምህርታውን ውድድራት ሓቑፉ ዝተሰላሰለ መደብ እዩ፡፡ ካብ ንኡስ ዞባታት ኣፎዓበት፡ ቅሮራ፡ ናቕፋ፡ ኣፍዓበት፡ ሸዕብ፡ ጊንዳዕ፡ ፎሮ፡ ባጽዕ ገለዓሎ ዝተዋጽኡ ኣስታት 500 መንእሰያት ዝተሳተፍዎ ደሙቕ ቅንያት ደማ ነይሩ፡፡ ዓሚ’ውን ኣብታ ርእሰ ከተማ ሰውራና ዝኾነት ከተማ ናቕፋ ተኻይዱ ከም ዝነበረ ይዝከር፡፡ እዚ ኣብ’ዚ ቅንያት ዝተገብረ መደባት ከኣ ከም መኽፈቲትን ኣካልን እቲ በዓል ኮይኑ ንኽኸይድ ዝተገብረ እዩ፡፡ ምኽንያቱ መንእሰያት፡ ኣብ ሓድሕዶም ተመኩሮኦም ንኽለዋወጡን ንኽላለዩን ባህሎምን ታሪኾምን ፈሊጦም ንኽዕቅብዎ ዝግበር መደባት እዩ፡፡ ዝኽሪ በዓል ፈንቅል’ውን ብቐንዱ ንሓደስቲን መጻኢትን ወለዶታት ኣዚ ሓላፍነት ዘሰክም እዩ፡፡

ብዛዕባ ምድላዋት እዚ በዓል እንተደኣ ኮይኑ፡ ዝተፈላለዩ መደባት ኣዳሊና ኣለና፡፡ ገለ ካብኡ ንምጥቃስ እምበኣር፡ ዝተፈላለየ ትሕዝቶታት ዝሓቖፈ ምርኢት ኤግዚቢሽን ኣሎ፡፡ እዚ ምርኢት እዚ ኣብ ውሽጢ እዚ ዞባ ዘለዋ ትካላት ማዕከናት ኩለን ዝሳተፋሉ መደብ እዩ፡፡ እዚ ከኣ ዜጋታትና ንዘለዎም ፍርያት ዝላለዩሉ መደብ እዩ፡፡ እቲ ዞባ ኣብ ውሽጢ ዓመት ዝሰርሖምን ዝዓመሞምን መደባት እንታይ ይመስሉ ሓደሽ ነገራት እንተሎ እዚ ብምልኡ ኣቢ’ቲ ኤግዚቢሽን ተዳልዩ ኣሎ፡፡ ካልእ ብሚ/ሪ ምክልኻል ዝተዳለወ መደባት’ውን ኣሎ፡፡ ሓደ ካብ’ቲ ዘቐርብዎ ዓበይቲ መደባት ምርኢት ኤግዚቢሽን እዩ፡፡ ኩለን እዚታት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ኣፍተን ትሕዝቶታት ክቐርባ እየን፡፡ ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ’ውን ብዘመሳሰሊ ከምኡ፡፡ እዚ ሓደ ካብ’ቲ ተቐሪቡ ዘሎ መደባት እዩ፡፡

ካልእ ዝዓበየ ንድምቀት እዚ በዓል ካብ ዝተዋደዱ መደባት፡ ስፖርታዊ ንጥፈታት’ውን ኣለና፡፡ ሰለስተ ዓበይቲ ሃገራዊ ፌደረሽናት ኣብ’ዚ መደባት ይሳተፋ ኣለዋ፡፡ እተን ፌደረሽናት፡ ፌደረሽን ብሽግለታ፡ ኣትሌትሊክስ፡ ኩዕሶ እግሪ ብምኽንያት እዚ በዓል መደባተን ኣዳልየን ኣለዋ፡፡ ኣብ ዕለት 7- 8 ለካቲት ሓሙሽተ ዞባታት ዝሳተፋኦ ቅድድም ብሽግለታ ኣሎ፡፡ ብሃገር ደረጃ ዝተሰርዐ ናይ ተቐዳደምቲ ጁኽር ዳንርሾ’ውን ኣሎ፡፡ ኣብ’ዚ ውድድር’ዚ 150 ደቂ ተባዕትዮን 16 ደቂ-ኣንስትዮን ስፖርተኛታት ክሳተፉ እዮም፡፡ ኣብ’ታ ቀዳመይቲ መዓልቲ ደቂ-ተባዕትዮ ባጽዕ ጊንዳዕ ባጽሒካ ባጽዕ ምምላስ ኣሎ፡፡ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ከኣ ባጽዕ-ጋሕቴላይ- ባጽዕ ተታሓሒዙ ዘሎ መደብ እዩ፡፡ 8 ለካቲት ድማ ኣብ ውሽጢ ባጽዕ ዝካየድ ኮይኑ፡ ደቂ- ተባዕትዮ 110 ኪ/ሜ ደቂ ኣንስትዮ ድማ 70 ኪ/ሜ ውድድራት ክካየድ እዩ ማለት እዩ፡፡ ስለ’ዚ በዚ ኣጋጣሚ ኩሉ ኣፍቃሪ ስፖርት ኣዚ መደባት እዚ ክከታተሎን ንተወዳደርቲ ደገፉ ክገብረሎምን ከዘኻኽር እፈቱ፡፡ ብፍላይ ህዝቢ ከተማ ባጽዕ ከኣ እዚ ዓቢ መደብ ኣብ ከተማና ይካየድ ልሰዝሎ ንስፖርተኛታት ከተባብዕን ክዕዘቦን እጽውዕ፡፡ እቲ ካልኣይ መደብ ውድድር ፍርቂ ማራቶን ጉያ ኣትሌትልክስ እዩ፡፡ እዚ ዓመታዊ ዝካየድ መደብ ኮይኑ፡ ዕለት 13 ለካቲት ኣብ ውሽጢ ከተማ ምጽዋዕ ክካየድ እዩ፡፡ ኣብ’ዚ መደብ እዚ ድማ፡ ኤርትራ እትርከበን 5 ሃገራት ክሳተፋ እየን፡፡ ኬንያ፡ ኡጋንዳ፡ ታንዛንያ፡ ደቡብ ሱዳን እየን፡፡ እዚ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ክኸውን እንከሎ፡ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ድማ፡ 10 ኪ/ሜ ተዳልዩ ኣሎ፡፡ ኣብ’ዚ ውድድር’ዚ፡ ኣስታት 160 ተወዳደርቲ ኣለውና፡፡ ካልእ ብዙሓ ደረጃ ተሰሪዑ ዘሎ መደብ እዚ ናይ ማስ ስፖርት እንበሎ እዩ፡፡ ኣብ’ዚ መደብ እዚ ከኣ ኩሉ ኣፍቃሪ ስፖርት ክሳተፍ እዕድም፡፡ ብዘወሳኺ፡ ብፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ ኣብ ዞባና ዝካየድ ካብ 5 ለካቲት ዝጀመረ ኣብ መንጎ 8 ክለባት ውድድር ክካየድ እዩ፡፡ እተን ኣርባዕተ ንኡስ ዞባታት ኣፍዓበት፡ ናቕፋ፡ ፎሮ፡ ጊንዳዕ ክኸና እንከለዋ፡ ምስኡን ተወሳኺ ክለብ ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ፡ ክለብ ሓይሊ ኣየር ኤርትራ፡ ክለብ ተወርዋሪ እዚ፡ ክለብ ሺመንቶን ክወዳደራ እየን፡፡ እዚ ውድድር’ዚ ድማ ካብ 5 ለካቲት ክሳብ 15 ለካቲት ዝቕጽል ኮይኑ መዛዘሚ ናይ’ቲ ቅንያት ክኸውን እዩ፡፡

**- ቀጺሉ፡**

ካልእ ብሃገር ደረጃ ዝተሰርዐ መደባት’ውን ኣለና፡፡ ካብ 26 ለካቲት ዝጀመረ ኩለን ዞባታት ሃገርና ዝሳተፋኦ ኣብ’ቲ ኣብ ገምገም ባሕርና ዝተደኮነ ሓዲሽ መጻወቲ ሜዳ ዝተሰርዐ ውድድር ኩዕሶ እግሪ ክካየድ እዩ፡፡ እዚ ምስ መደባት ዝኽሪ ስርሒት ፈንቅል ተኣሳሲሩ ዝኸይድ እዩ፡፡ ናይ ምሕንባስ መደባት’ውን ካብቶም ህዝቢ ብሃንቀውታ ዝጽበዮ’ሞ ተዳልዩ ዘሎ መደብ እዩ፡፡ እዚ መንእሰያት ዝሳተፍዎ ኮይናም ናይ ጀላቡን ቅጽበታዊ ውድድር ናይ ምሕንባስን ዘጠቓለለ ኮይኑ 15 ለካቲት ክካየድ እዩ፡፡

ካልእ ብዓብይኡ ኣብ’ቲ ጽንበል ናይቲ ዝኽሪ ዝካየዱ ባህላውን ስነ-ጥበባውን መደባት’ውን ተሰሪዖም ኣለው፡፡ እዚ ንግጥምታት፡ ደርፍታት ምስ ትልሂታቱ ተሰኒዩ ዝቐርብ እዩ፡፡ እዚ ሰፊሕ ምድላዋት ተገይርሉ ዝዳሎ ዘሎ መደባት ድማ እዩ፡፡ ካልእ ዝዓበየ ናይ ባዛር መደባት እዩ፡፡ ኣብ’ዚ ቦታ ዘለዋ ትካላት ትሕዝቶታተን ዘፋልጣሉ ዝተዳለወ መደብ ኣሎ፡፡ ኮማዊ ዳንስ’ውን ኣካል ናይ’ቲ ዝዓበየ መደባት ዝኽርን ክብርን እዚ በዓል እዩ፡፡ እዚ 15 ለካቲት ዝካየድ ኮይኑ፡ ኩለን ምምሕዳራት ንኡስ ዞባ ምጽዋዕ ዝካየዶ ናይ ኮማዊ ጓይላ ጽንብላት እዩ፡፡ ብሓፈሻ ከተማና ክሕልቲ መርዓት መሲላ ብሕብራዊ መብራህቲ ደሚቓ ኣጋይሻ ንምቕባል ትጽበ ኣላ፡፡

**- ኣብ’ዚ ናይ ሎሚ ዓመት ከም ፍሉይነት ዝተዳለወ መደብ ኣሎዶ፧**

ናይ ሎሚ ዓመት ዝያዳ ከም ፍሉይነት ክንጠቕሶ እንኽእል ኣብ’ቲ ስፖርታዊ መደባት ዝያዳ ኣተኩሮ ተዋሂብዎ ዝስራሓሉ ዘሎ መደባት እዩ፡፡ መደባትና ኣብ’ዚ ከም ዝሕደል ገይርናዮ ኣለና፡፡ ካልእ ሃገራዊ ውድድር ኩዕሶ እግሪ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ከተማ ዓሰብ ኣካይድናዮ ነይርና፡ ሎሚ ዓመት ግን ኣብ’ዚ ኣብ ምጽዋዕ ክግበር እዩ፡፡ እዚ ከም ፍሉይነት ክንዝርበሉ ንኽእል ኢና፡፡ ካልእ ሚ/ሪ ምክልኻል ክሳብ 230 ስፖርተኛታት ዝሳተፍዎ ኣብ ገምገም ባሕሪ ናይ ቢች ቦሊቦል፡ ናይ ምሕንባስ፡ ናይ ጉያ መደባት’ውን ኣሎ፡፡ ካልእ ግን ከም ናይ ቀደሙ ዝተዳለወ ስሩዕ መደባት እዩ፡፡



**- ኣገዳስነት ስርሒት ፈንቅል፡ እንታይ እዩ ትብሊ፧**

ስርሒት ፈንቅልኮ በሪ ናጽነት ዝኸፈተ፡ ተኣምራታዊ ስርሒት እዩ፡፡ ጸላኢ ናይ መወዳእታ ዕምሪ መግዛእቱ ዝተደርዓመሉ ደርማስ መጥቃዕቲን ዓወትን እዩ፡፡ ብሓጺሩ ጸላኢና ብስረሮኡ ዝተታሓዘሉ፡ ህዝብና ዓቢ መቐየሮ ዝረኸበሉ ስለዝኾኑ፡ በዓል ፈንቅል ኣብ ምዕራፍ ታሪኽ ህዝቢ ኤርትራ ዓቢ ኣገዳስነት ኣለዎ፡፡ ኣዚና እነኽብሮ በዓልና ኢዩ፡፡



**- ኣብ’ዚ ከይጠቐስክናዮ ክንሓልፍ ዘይንደሊ, ወ/ሮ ዘይነብ፡ ምስ ብዙሓ ነጋድያን ካብ ወሽጥን ወጻእን ስለዝመጹ፡ ጽግም ናይ ሆቴላት የጋጥሞ’ዩ እሞ ህዝቢ ንኽይሸገር ብዛዕባ’ዚ ዝተታሓዘ መደባት እንተሃልዩ ክትሕብሩና፧**

ጸቡቕ ኣለኻ እዚአ ዓቢዩ ነጥቢ እንድያ፡፡ ንግደት ፈንቅል ካብ ግዜ ናብ ግዜ ቀጻሪ ነገድቱ እናበዝሑ ኣገዳስነቱ እናዓዘዘ እዩ ዝመጽእ ዘሎ፡፡ ውሓዚ ህዝቢ ካብ ወሽጥን ደገን ኣሎ፡፡ ብፍላይ ኣብ ወጻኢ ሃገር ዝቕመጥ ህዝብና ነዚ በዓል ካብ ነዊሕ ኣትሒዙ ብሃንቀውታ ዝጽበዩዎ ስለዝኾኑ፡ ብወገና ካብ ናይ ዓሚን ቅድሚኡን ተመኩሮና ብዙሓሽ መንገዲ ምድላዋትና ኣጻፊፍና ንርከብ ኣለና፡፡ ብዘይካ እቲ ሆቴላት ከም ገስት ሃውስ’ውን ተዳልዩ ንኽቕረብ ይግበር ኣሎ፡፡ እናተረዳዳእካ ዝፍታሕ ነገራት’ውን ብዙሕ ኣሎ፡፡ ህዝቢ ከተማ ምጽዋዕ ብባህሩ ተቐባሊ ጋሻ ብምዃኑ’ውን ጸገም ዝበሃል የለን፡፡ ይጥዓም ይሕሰም ህዝቢ ኤርትራ ሓቢሩ ስለዝኻዓዘ ጭዋ ባህሊ ስለዘለዎ ኣጋይሹ ክቕበል ተዳልዩ ኣሎ፡፡ በዚ ኣጋጣሚ ከኣ ህዝቢ ከተማ ባጽዕ ወትሩ ዝገርሞ ክቡርታቱ ክዕቅብን ኣጋይሹ ክቕበልን ከእንግድን በዚ ኣጋጣሚ ከዘኻኽር እደሊ፡፡

**- ህዝብና ዝያዳ ምስ ባሕሩ ንኽላለን ጸጋታትን ጸጥቓን ባሕሩን ደሴታቱን ንኽስተማቕርን ክድህሰሰን ብፍሉይ ንህዝቢ ዝተዳለወ መደባት ኣሎዶ፧**

ብዛዕባ እዚ ብዙሕ ምድላዋት ዝተገብረ ኣሎ፡፡ እዚ መደብ’ዚ ካብ ንጀምሮ ሎሚ ንኻይ ግዜኡ ክካየድ እዩ፡፡ ህዝቢ ብመርከብ ገይሩ ብርታዓዊ ዋጋ በጺሑ ንኽምለሰን ጸጋታት ባሕሩ ዘስተማቕረሉ መደብ ተዳልዩ ኣሎ፡፡ እዚ ከኣ ኣብ ውሽጢ ባሕሪ ኣብ ደሴታት በጺሒካ ምምላስ ዝግበር ዑደት እዩ፡፡ እዚ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ካልእ ህዝቢ ዝሳተፎ ዓበይቲ ሰሚናራት’ውን ተዳልዩ ኣሎ፡፡ ገለኡ ብሞንዛዛ ዝግበር እዩ፡፡ ን13 ለካቲት ዝቐርብ እዩ፡፡ ንኽከታተልዎ ድማ ከዘኻኽር እፈቱ፡፡ ኣብ ውሽጢ መርከብ ክግበር ዝተዳለወ ሰሚናር ውን ኣለና፡፡ ሕቶታት መልሲ ኣብ ማሰመር እውን ብኣጋጣሚ እዚ በዓል፡ ካብ’ዚ ካብ ወደባዊት ከተማና ክትፍት ከም መደብ ናይ’ቲ በዓል ሒዝናዮ ኣለና፡፡

**- ፈንቅል ሃገራዊ በዓል ብምዃኑ ርክቡ ብኸመይ ትገልጽዮ፧**

እወ፡ እዚ በዓል’ዚ፡ ህዝቢ ኤርትራ ምሉእ ኣብ ወሽጥን ኣብ ደገን ብሃንቀውታ ዝጽበዮ ሓደ ካብ ክቡራት በዓላትና እዩ፡፡ ርክብ በዓል ፈንቅል ዓቢ እዩ፡፡ ዓርሞሸሸ ስርዓት ደርግ ምስ ምሉእ ኣጽዋሩን ሓይሉን፡ መራኸቡን ታንክታቱን መዳፍዑን ዝተሳዓረሉ እዩ፡፡ እዚ እቲ ዝዓበየ ዓወት ህ.ግ እዩ፡፡ ፈንቅል ጸላኢና ዝተሰዓረሉ ብምዃኑ ዓቢ ሃገራዊ በዓል ይገብሮ፡፡

እንታይ ይመስለካ መንእሰይ ተረኺቢ ዓዲ እዩ፡፡ ዝያዳ እቲ ሓላፍነት ንዐኡ እዩ ዘሰኩሞ፡፡ ኣብ’ዚ ዝተኻየደ ቅኑመንእሰያትን በዓል ፈንቅልን ከኣ ነዚ ዝተገልጸ ቴማ ዝድርዕ እዩ፡፡ ኩሉ መጻኢ ዕድላትን ምዕባለን ድማ ንመንእሰያት መጻኢቲ ወለዶታት እዩ፡፡ ዝያዳ ሓለዋን ምክንኻን መሬቶም ባሕሮምን ድማ ንመንእሰያት ዝምልከት እዩ፡፡ ስለ’ዚ ንመንእሰያት ዘሰኩሞም ሓላፍነት ረዚንን ዕዙዝን እዩ፡፡

**ርሑስ ቅንያት ፈንቅል!**








# መሰል ተጠቃምነት ማይ

ቴድሮስ ተስፋጋብር
ክፍሊ ሃብቲ ማይ - ሚ/መ/ማ/
ኣከባብን

ከምዝፍለጥ ኣብ ዓለም ዘሎ ሃብቲ ማይ ዓቐኑ ውሱን ኮይኑ፡ ዝርግሐኡ ብቦታን ግዜን ኣዝዩ ዝፈላለ እዩ። ስለዝኾነ ድማ ኩለን ሃገራት ዓለም ትሕዝቶ ጸጋታት ማየን ብዘየገድስ ውጽኢታዊ ምሕደራ ብምትእትታው ንዝበለጸ ማሕበረ-ቁጠባዊ ጥቕሚ ንምውዓሉ ይሰርሓ። ሓደ ካብቶም ኣገድስቲ ጉዳያት ምሕደራ ሃብቲ ማይ፡ ሕቶ ዋንነት ሃብቲ ወይ ጸጋታት ማይ እዩ። ሃገራት ዓለም ኣብ ዋንነት ሃብቲ ወይ ጸጋታት ማይ ዝተፈላለዩ ኣገባብን ልምድን ይኽተላ ኣለዋ። ኣብ ዝበዝሐ ክፋል ዓለምና ግን፡ ማይ ናይ ህዝብን ሃገርን ሓበራዊ ንብረት እዩ። መንግስቲ ኣድላዪ ቁጽጽር ንምግባር ዝሕግዞ ውዱንን ውሑስን ምሕደራ ማይ ብምትእትታው ውጽኢታዊ መዓልኡ የረጋግጽ። ነዚ ክዉን ንምግባሩ ድማ መንግስቲ ውሁብ ክዉንነት ጸጋታት ማይን ማሕበረ-ቁጠባዊ ኩነታት ናይታ ሃገርን ኣብ ግምት ዘእቱ ደረጃ ቀዳምነታት ብምስራዕ፡ ንህዝቢ መሰል ተጠቃምነት ማይ ይህብ።

ኣብ ሃገርና ጸጋታት ማይ ብመሰረት ኣዋጅ ሕጊ ማይ ኤርትራ ናይ ህዝቢ ሓባራዊ ንብረት ምዃኑ የነጽር። ኣብ ጸጋታት ማይ ዝግበር ዳህሳስ፡ ገምጋም፡ ልምዓት፡ ምቕራሕ፡ ቁጽጽርን ምሕደራን ንመንግስቲ ዝተዋህበ መሰል እዩ። ኣብ ጸጋታት ማይ መሰል ብሕታዊ ዋንነት ኣብ ናይ ውልቀ ዋንነት ዘይንቀሳቐስ ንብረት ብመልክዕ ዝናብ ዝወድቕን ዝፍዘንን ማይ ዋንነቱ ናይ'ቲ ውልቀሰብ ብዓል ንብረት ይኸውን። እንተዘይኮይኑ፡ ካብዚ ወጻኢ ዝኾነ ጸጋ ማይ ብውልቂ ዝውነን የለን ወይ ኣይፍቀደን። ኣብ ሃብቲ ማይ ዝግበር ኩሉ ዓይነት ንጥፈታት፡ መምርሒ ሕጋጋትን ፖሊስን ማይ ዝሓቱዎ ግቡኣት ንኸማልኡ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽርን ክትትልን መንግስቲ ይካየዱ። እዚ ኣብ ሃገራዊ ሕጊ ማይ 162/2010 ንዋንነትን ምሕደራን ጸጋታት ማይ ዝምልከት ዓንቀጻት ብንጹር ሰፊሩ ይርከብ።

## ደረጃ ቀዳምነታት መሰል ተጠቃምነት ማይ

ዝኾነ ኤርትራዊ ዜጋ መሰል ተጠቃምነት ማይ ኣለዎ። መሰል ተጠቃምነት ማይ ንዘቤታዊ፡ ሕርሻዊ፡ ንግዳዊ፡ ኢንዱስትሪያዊ፡ መንዓዘያ ማይን ምዝንጋዕን ካልኦት ንኡስ መዓላታት ክኸውን ይኽእል። ማይ መሰረት ህይወት፡



ማሕበረ ቁጠባውን ምዕባለን ስለዝኾነ ኩሉ ጽላታትን ትካላትን ዝቃጸጹሉ ጸጋ ከምምዃኑ መጠን ኣብ ተጠቃምነት ልዑል ውድድር ኣለዎ። መንግስቲ ነዚ ሓቂ ኣብ ግምት ብምእታው ኣብ ሕጊ ማይ ቀዳምነታት መሰል ተጠቃምነት ማይ ኣነጺርዎ ኣሎ። መሰል ተጠቃምነት ማይ ንዘቤታዊ መዓላ ናይ ቀዳምነት ቀዳምነታት ይወሃቦ። ነፍሲ ወከፍ ዜጋ መሰል መሰረታዊ ቀረብ ጽሩይን እኹልን ማይ ርትዓዊ ብዝኾነ ኣገልግሎት ክፍሊት ንክረክብ መንግስቲ ኩሉ ዓይነት ጻዕሪ ይገብር። ብተወሳኺ መንግስቲ ኑቶም ዓቕሚ ዘይብሎም ውጹዓት ክፋል ናይ ሕብረተሰብ መሰረታዊ መሰል ኣገልግሎት ቀረብ ማይ ንክረኽቡ ናይ ድጎማ ኣገባብ የተኣታቱ። ኣብ ዓበይቲ ከተማታት እቲ ክፍሊት ብመንጽር ማሕበረቁጠባዊ ደረጃኦም ኣገባብ ክፍሊት ብዞናት ይውሰነሎም። ኣብ ገጠራት ብደረጃ ኮም ወይ ዓዲ ዝውነን ስርዓተ ቀረብ ማይ፡ ኑቶም ናይ ምኽፋል ዓቕሚ ዘይብሎም ስድራቤታት ናይቲ ኮም ሓላፍነት ከም ዝወስደሎም እቲ መምርሒታት ምሕደራ ስርዓተ ቀረብ ማይ ገጠር ይሕብር። ነዚ ምርኩስ ብምግባርን ዝጸንሐ ናይ ምትሕግጋዝ ልምዶም ተወሲኽዎ፡ ኑቶም ዓቕሚ ዘይብሎም ስድራቤታት ኣለልዮም ካብ ኣገልግሎት ክፍሊት ማይ ነጻ ይገብርዎም ወይ ስማዊ ክፍሊት ይሰልዑሎም።

ንካልኦት መዓላታት ዝምልከት መሰል ተጠቃምነት፡ ውሁብ ክዉንነት ጸጋታት ማይ፡ ማሕበረ-ቁጠባዊ ረብሓታትን ኣከባብያዊ ጽልዋን እቲ ምስ ማይ ዝተኣሳሰር ንጥፈታትን ኣብ ግምት ብምእታው ወይ ብምዝማድ ቀዳምነታት ይስራዕን ይወሃብን። ኣብዚ ከም ኣብነት ክጥቀስ ዝኽእል ኣብ ትሑት ትሕዝቶ ትሕተባይታዊ ማይ ዘለዎ ኣከባቢ ልዑል ጸጋ ማይ ዝሓትት ንጥፈታት ንምክያድ ፍቓድ መሰል ተጠቃምነት ኣይወሃብን። ክወሃብ እንተኾይኑ፡ እቲ መሰል ተጠቃምነት ዝሓትት ዘሎ ውልቀሰብ ወይ ኣካል ኣብቲ ብቐዓት ማይ ክያ ምፍዋስ ማይክያን ምህብታም ትሕተባይታዊ ማይን ምስ ዘካይድ ጥራይ ይወሃቦ። ብተወሳኺ ዝኾነ ተጠቃሚ ኣብ ኣከባቢ ዘስዕቦ ጽልዋ ተገምጊሙ ናይ ምፍዋስ ማይ ክያን ጽሬት ምሕላውን ግዴታ ኣለዎ።

## መሰል ተጠቃምነት ማይ፡ ኩነት ወይ ደረጃ

መሰል ተጠቃምነት ማይ ዘየሻሙ መሰል ነፍሲ ወከፍ ዜጋ እኳ እንተኾነ፡ ብዘይ ሕጋዊ ፍቓድ ጸጋታት ማይ ኣብ ጥቕሚ ከውዕል ኣይክእልን እዩ። እዚ ፍቓድ መምርሒ ሕግን ፖሊስን ማይ ዝጠልቦም መሰረታውያን ግቡኣት ብወገን ሓታቲ ወይ ተጠቃሚ ምስዝማልኡ ጥራይ ተግባራዊ ወይ ክዉን ይኸውን።

ረብሓታት ወይ ጥቕምታት መሰል ተጠቃምነት ማይ

መምርሒ መሰል ተጠቃምነት ማይ ምስኡ ዝተኣሳሰሩ ተዛመድቲ መምርሒታት ኣብ ባይታ ተግባራዊ ምስዝኾኑ እዞም ዝስዕቡ ኣገድስቲ ረብሓታት ይርከቡ፦

1. ቦታን ግዜን ብዘየገድስ መጠንን ብቕዓትን ኣብ ጥቕሚ ዝውዕል ማይ ፍሉጥ ይኸውን፡
2. ምስ ጸጋታት ማይ ተኣሳሲሮም ወይ ተዛሚዶም ዝካየዱ ኩሎም ንጥፈታት ዘድሊ ብቕዓት ንኸማልኡን ብግቡእ ንኽሰነዱን የኽእል፡
3. ኣብ ምርግጋጽ ርትዓዊ ምቕርሐን ውጽኢታዊ ኣጠቓቕማን፡ ምዕቃብ፡ ምክልኻል ብኽነትን ምንቍልቋል ትሕዝቶን ብቕዓትን ጸጋታት ማይ ኣገዳሲ ወይ እወታዊ ድርኺት ይፈጥር፡ ከምኡ'ውን
4. ኣብ ምውጋድ ዘይልሙዳትን ቀይዲ በተኻዊ ኣገባብን ከይድን፡ ምምዕባልን ኣጠቓቕማን ጸጋታት ማይ ሓጋዚ ተራ ይጻወት።

ፍቓድ መሰል ተጠቃምነት ማይ

ፍቓድ መሰል ተጠቃምነት ማይ፡ ሕጊ ማይ 162/2010ን ፖሊሲ ማይን ብዘፍቅዶ ደንጋገታት፡ መምርሒታትን መትከላትን መሰረት ብምግባር ንውልቀ ሰባት፡ ኮማትን ትካላትን ጸጋታት ማይ ኣብ ዝተወሰነ መዓላ ወይ ጥቕሚ ንከውዕልዎ ዝወሃብ ሕጋዊ ሰነድ ውዕል ወይ ኩንትራት እዩ። ፍቓድ መሰል ተጠቃምነት ማይ ንዘቤታዊ፡ ሕርሻዊ፡ ንግዳዊ፡ ኢንዱስትሪያዊ፡ መንዓዘያ ማይን ምዝንጋዕን ካልኦት ንኡስ መዓላታትን ክወሃብ ይኽእል። ዝኾነ ሰብ ሕጋዊ ፍቓድ እንተሃልዩዎ ጥራይ ዝተወሰነሉ መጠንን ብቕዓትን ማይ ኣብ ዝተወሰነሉ መዓላ ወይ ጥቕሚ ከውዕል ይኽእል።

ከም'ቲ ኣብ ሕጊ ማይ ብሓፈሻ፡ ዓንቀጻት መሰል ተጠቃምነት ማይ ከኣ ብፍላይ ብንጹር ሰፊሩ ዘሎ፡ ዝኾነ ውልቀ ሰብ፡ ኮም ወይ ትካል ሕግን ፖሊስን ማይ ዝጠልቦም ግቡኣት ብምምላእ ጸጋታት ማይ ንዝተወሰነሉ መዓላ ወይ ጥቕሚ ከውዕል ፍቓድ ተጠቃምነት ክወሃቦ ይኽእል እዩ። ነዚ ፍቓድ መሰል ተጠቃምነት ማይ ንምርካብ ግን እዞም ዝስዕቡ ግቡኣት ክማልእ ኣለዎ፡ -

1. ቅጥዒ መሕተቲ ፍቓድ ክመልእ ኣለዎ፡
2. ኣብ ሃገራዊ ስርዓተ ሓበሬታ ማይ፡ ዝውንኖ ወይ ዝጥቀመሉ መሳለጥያታትን ትሕተ ቅርጺ ማይን (ዒላ፡ መእለዩ ወሓዚ፡ ሓጽቢ፡ ዲጋ፡ ፈልፋሊ ዓይኒ ማይ ወዘተ) ምዝገብ ክኸውን ኣለዎ፡
3. ዝውንኖ ወይ ዝጥቀመሉ መሳለጥያታትን ትሕተ ቅርጺ ማይን (ዒላ፡ መእለዩ ወሓዚ፡ ሓጽቢ፡ ዲጋ፡ ፈልፋሊ ዓይኒ ማይ ወዘተ) ግቡእ ስነ ፍልጠታዊ መጽናዕቲ (ሃይድሮሎጂካዊ፡ ሃ ድ ሮ ጂ ኦ ሎ ጂ ካ ው ን ምህንድስናውን መጽናዕቲ) ተኻይዱ ዝተሰርሐ ወይ ዝተዋደደ ክኸውን ኣለዎ፡
4. ንትሕተ ቅርጻዊ ኩነታት ዝውንኖ ወይ ዝጥቀመሉ መሳለጥያታትን ትሕተ ቅርጺ ማይን (ዒላ፡ መእለዩ ወሓዚ፡ ሓጽቢ፡ ዲጋ፡ ፈልፋሊ ዓይኒ ማይ ወዘተ)፡ ዓቕሚ ፍልፋሉ፡ ዓቕን ዝሕዞን፡ ክእለን ኣብ ጥቕሚ ክውዕል ዝኽእልን መጠን ማይ፡ ብቕዓት ማይን ናይ ኣገልግሎት ግዜኡን ዝምልከት መጽናዕታዊ ሰነድ ከቕርብ ኣለዎ፡ ከምኡ'ውን
5. ናይ ሓጺርን ነዊሕን መደብ ናይቲ ማይ ዝጠልብ ማሕበረ-ቁጠባዊ ንጥፈት ዝምልከት መጽናዕታዊ ሰነድ ኣዳልዩ ከቕርብ ኣለዎ።

ፍቓድ መሰል ተጠቃምነት ጸጋታት ማይ ደረት ግዜ ኣለዎ፣ ዝኾነ ፍቓድ ካብ 10 ዓመት ንላዕሊ ከገልግል ኣይክእልን ኢዩ። ፍቓድ ደረት ግዜኡ እንተኣኺሉ ውዱቕ ይኸውን። ስለ'ዚ ዳግማይ ኣብ ኣገልግሎት ንክውዕል ክሕደስ ኣለዎ። ዕምሪ ፍቓድ ክንድ'ቲ ኣብ ሰነድ ፍቓድ ዝተገልጸ እዋን ወይ ግዜ ጥራይ ኮይኑ፡ ኣብቲ ሰነድ ፍቓድ ዝተዘርዘሩ ግዴታታት ወይ ግቡኣት ብብዓል ፍቓድ ክሳብ ዝተማልኡ ተግባራዊ ይኸውን። ፍቓድ ካብ ዝተዋህበሉ ግዜ ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመት ኣብ ጥቕሚ እንተዘይውዒሉ ይሰረዝ፣ ሕጋውነት እውን የብሉን። ኣብ ዝኾነ እዋን ኣድላዪ ኮይኑ እንተተረኺቡ እውን ፍቓድ፡ ዋላ እውን ደረት ግዜኡ ከይኣኸለ፡ ንካልእ መዓላ ክውዕል ወይ ክዘዋወር፡ ክድስክልን ከምኡ'ውን ክስረዝን ክእገድን ይከኣል። ነዚ ተግባራዊ ንምግባር ግን ዝምልከቶ ኣካል መንግስቲ ብሕጋዊ ምልክታ ንህዝብን ንብዓል ፍቓድን ክፍልጥ ግዴታ ኣለዎ።

መቓን ቀዳምነት ፍቓድ መሰል ተጠቃምነት ማይ፡ ደረጃ ኩነታት ወይ ክዉንነት ጸጋታት ማይ፡ ቀዳምነታት ልምዓት፡ ምቕርሐን መዓላን ማይ፡ ውሁብ ማሕበረ-ቁጠባዊ ክዉንነትን ሃገራዊ ፖሊሲ ማይን ብምምርኳስ ይውሰን። ኣብዚ መቓን እዚ፡ ግዜን ክዉንነትን ኣብ ግምት ብምእታው ኣድላዪ ለውጢ ወይ ምትዕርራይ ክግበር ይኽእል።

ክሳብ ሕጂ ፍቓድ መሰል ተጠቃምነት ማይ ብኽምቲ ዝድለ ኣገባብ ክስራሓሉ ኣይጸንሐን። ከም ዝፍለጥ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ሃገርና፡ ልዕለ ባይታውን ትሕተ ባይታውን ጸጋታት ማይ ብዘይቅጥዒን ብፍኑው ኣገባብን፡ ኣብቲ ልዑል ጠለብ ማይ ዝሓትት ድሑር ወይ ትሑት ተክኖሎጂ ዝጥቀም መስኖኣዊ ሕርሻን ካልኦት ኣህለኽቲ ማሕበረ-ቁጠባዊ ንጥፈታትን ክውዕል ጸኒሑን ኣሎን። ኣብ ጸጋታት ማይ ከቢድ ኣሉታዊ ሳዕቤን ማለት ምንቍልቋል ጽፍሒ ማይን ትሕዝቶን ብቕዓት ማይን፡ ወራር ጨዋም ባሕሪ፡ ምድካይ ፍርያምነት ማይ፡ ብርሰት ኣግራብን ምጥፋእ ዓቢ ኢኮሎጂካዊ ኣገዳስነት ዘለዎም ማያዊ ኣካላትን ክወርድ ጸኒሑን ኣሎን። ነዚ ህሉው ኩነታት ወይ ደረጃ ኩነት ጸጋታት ማይ ኣብ ምምሕያሽን ምቕያርን ዝሕግዙ ሕጋውያን ናይ ቁጽጽርን ክትትልን ኣገባብን ምትእትታው ይጽናሓለይ ዘይበሃሎ ጉዳይ እዩ። ሓደ ካብቶም ብቀዳምነት ብዕቱብ ክስርሓሎም ዘግባእ ጉዳያት፡ ፍቓድ መሰል ተጠቃምነት ማይ እዩ።



# ካብ ታሪኽ ሰውራና



መሓመድ እድሪስ

## ነዊሕ ጉዕዞ ናብቲ ዓቢ ደጀን

5ይ ክፋል

*እዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ገድሊ ካብ ውልቃዊ ትዕዝብትታት ዝተረኽቡ ኣብ ሰውራን ድሕሪ ናጽነትን ካብ ዝተጻሕፈ መጻናዕታዊ ጽሑፋት፡ ዛንታታት ተመክሮ ገድሊ ከምኡ'ውን ካብ ኣርካይቭ ጨ/ስእሊ ሚ/ ዜናን ካልእን ዝተወሰደ ሰኣላትን ስእልታትን ምኳኑ ኩሉ ኣንባቢ ክፈልጦ ኣቕዲምና ንሕብር።*

እቶም ናይ ሽዑ ውጉኣት፡ ሰሙን ኣብ ሕክምና ሓለቡት ድሕሪ ምጽናሕ፡ ገና ኑቲ ዝሓሸን ዝማሰለን ሕክምናን ክንክብን ክንረኽብ ናብቲ ዓቢ ደጀን ምኻድ ግድነት ኮይኑ። ሓደ ምሸት መሬት ምስ ጸልመተ ክልተ ኢንትረ ሒዳ መለኣን ኣብቲ ጸቢብ ሩባ ሓለቡት መጺኣን። ሓኪይምን ኣባላት ሕክምናን ድማ፡ ቃሬዛታትም ኣውጺኦም ብቡሓደ ካብቲ ደቂሰናሉ ዝቐኸና ትሕቲ መሬት ዝተሃንጸ ጉዛውቲ ናብ ዝጸንሐተን መካይን ጸዓኑና።

መብዛሕትና ማስበርቲ ዝነበርና



ጉዕዞ ብለይቲ

ብምዃንና፡ እቶም ሓኪይም ኣብ እዋን ምጽዓንን ምውራድን ምሐር ንቕዝ ስለ ዝነበርና፡ ኣመና ይጥንቀቑ ነይሮም። ኩልና ምስ ተጻዓንና መካይንና ተሰሪዐን በቲ ሩባ ሩባ ሐጻ ዝበዝሖ መንገዲ፡ ፈለማ ንሰሜን ደሓር ናብ ምዕራብ፡ ኣብ መወዳእታ ናብ ደቡብ ብምቕናዕ፡ ነታ ታሪኻዊት ኣብቲ ዝጸንከረ እዋን 1980 ዝተሰርሓት ኣብ ታሪኽ ሰውራ ኤርትራ ብምህንድስናኣን ኣሰራርሓኣን ኣብ ቀዳማይ ደረጃ እትስራዕ 37 ኣንጎሎታት ዘለዋ ጽርግያ ብደሆ ክንሓኹራ ጀሚርና።

እናተጠዋወና ናብ ዝበነ'ቲ ሰሜይ ዝማስል ዝበን ክንድይብ እንክለና፡ ሓይልታት ተሰሪዖም ከም ጻጻ ሰለም እናበሉ ብእግሪ ናብቲ ንሕና እንኸዶ ዝነበርና ኣንፈት ይጉዓዙ ነይሮም። ሽዑ ረዚ ኑቶም ሓይልታት ምስ ረኣየ "እዋይ ብርጌድና'ያ!" ክብል ተሰሚዑ። ሽዑ እቶም ሓይልታት ናብ ካልእ ግንባር ብእግሪ ክምርሹ እንከለው፡ ንሕና ድማ ኣብ ዝበን መካይን ተወጢሕና ናብቲ ገና ኣማኢት ኪሎ ሜትራት ተሪፉዎ ዝነበረ ዓቢ ደጀን ሰውራ ጉዕና ንጉዓዝ ነይርና።

እቲ ኣብ 1973 ኣብ ሰሜናዊ ሳሕል ኣብ ገርግር ኣስመራ ዝፈለመ፡ ብሰንኪ ወፍሪታት ጸላኢን ተጻብኦ ተሓኤን ናብ ካልእ ኣንፈት ኣብ ከበቢ ብሌቃት ቀዋሚ ደጀን ተመስሪቱ። እቲ ካብ ብሌቃት ዝተበገሰ ናብ ፋሕ፡ ሰበር ቀጢ፡ ዘሮ፡ ደብዖት፡ ዓንት ወዘተ እናስፋሕፈሐ ኣብ 1977 ብመሰረት ናይቲ ካብ ዕለት 23-31 ጥሪ 1977 ኣብ ፋሕ ዝተኻየደ ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤ፡ ህ.ግ. 'ህዝብን መሬትን ብብቑሩብ ሓራ ምውጻእ' ንዝብል ስትራተጂ ኣብ ግብሪ ዘውዓሉ ሓያሎ መጥቃዕትታት ብምክያድ ኣብ ጥሪ 1977 ንቅሮራ፡ ኣብ መጋቢት ድማ ንናቕፋ ሓራ ኣውጺኡ።

ምሕራር ናቕፋ ኣብ ሰውራ ኤርትራ ነጥቡመቐይሮ ነይሩ። ሰውራ ኤርትራ ንፈለማ ግዜ ከተማ ዝተቘጻጸረሉ ስርሒት፡ መጥቃዕቲ ናቕፋ እዩ። ብድሕሪ'ዚ ከተማታት ሓራ ናይ ምውጻእ መጥቃዕትታት ናህሩ ከይዝሐየ ቀጺሉ ኣብ መወዳእታ 1977 ናብ ኣፍደገ ምሉእ ሓርነት ዘበጽሕ መድረኽ ተበጺሑ። ናቕፋ ናይ'ዚ መጥቃዕትታት'ዚ ፈላሚት ጥራይ ዘይኮነት፡ ድሕሪ ምግዛኣ'ውን እታ ናብ ጸላኢ ዘይተመልሰት እንኮ ከተማ ብምዃና ትእምርቲ ጽንዓት ሰውራ ኤርትራን ደጀን ህዝባዊ ግንባርን ኮይና እያ።



ካብቲ ኣብ ደጀን ተደኵኑ ዝነበረ ፋብሪካታት

ኣብ መፋርቕ 1978 ብዝዘፍ ምትእትታው ሕብረትሶቭየት፡ ወተሃደራዊ ሚዛን ሓይሊ ካብ ሰውራ ኤርትራ ናብ ስርዓት ደርግ ስለ ዝዘበለ፡ ሰውራ ኤርትራ ካብ ሰፊሕ ከባቢታት ኤርትራ ከዝልቕ ተገዲዱ። በዚ ድማ ተሓኤ ናብ ባርካ፡ ህ.ግ. ናብ ደጀኑ ሳሕል ተመሊሱ። እዚ ምዕባለታት'ዚ፡ ህ.ግ. ኣብቲ 'ዝተናወሐ ህዝባዊ ኲናት' ዝብል ስትራተጅኡ ጸኒዑ ቃልሱ ክቕጽል ዝደረኾ እዩ ነይሩ።

ድሕሪ ምዝላቕ እቲ ኣብ ከበታት ብሌቃት ተደኵኑ ዝነበረ ደጀን'ውን ናብ ካልእ ኣንፈት ሰሜናዊ ሳሕል ክግዕዝ ተገዲዱ። ከምኡ'ውን ህ.ግ. ኣብ ዝተፈላለየ ሓራ ከተማታትን ከበታትን ኤርትራ (ኣብ ከም ሰሜናዊ ባሕሪ) መስሪቱዎ ዝነበረ ትካላት ናብ ሳሕል ስለ ዘግዓዞም፡ ከምኡ'ውን ብዙሕ ህዝቢ ምስቲ ሰራዊት ናብ ሳሕል ስለ ዘዘለቐ፡ ሰውራዊ ደጀን ሳሕል ካብቲ ዝነበሮ ክሰፍሕ ግድን ኮይኑ።

ኣብ መወዳእታ 1978፡ ሰውራዊ ደጀን ሳሕል፡ ካብ ሰሜናዊ ሳሕል ክሳብ ናቕፋ ይዝርጋሕ ነይሩ። ኣራግ፡ ዓምበርበብ፡ ህምቦልን ዒራርብን ድማ፡ ከም ቀንዲ መደበራት ዓበየን።

***

እተን መካይን ካብ ሓለቡት ተበጊሰን በታ መስተንክራዊት ጽርግያ ብደሆ ናብ ሰሜይ ኣቃዕሪረን ናብ ዝበነ'ቲ ጎቦ ክድይባ ከለዋ፡ ሓይልታት ብርጌድ 31 ድማ ናብ ካልእ ኣንፈት ክጉዓዛ ከለዋ፡ እቶም ምሳና ኣብቲ ውግእ ተወጊኦም ኣብ ዝበን እታ መኪና ዝነበሩ ብዓል ስውእት ረዚ ኣርኣያን ሚካኤል ተስፋይ (ዓዲ ጥልያን)ን እውን ብዝዕባ ጉዕዞ ብርጌዶም የዕልሉ ነይሮም። ሽዑ ዓዲ ጥልያን ኑቲ ብኣባላት ብርጌድ 31 ዝድረፍ ዝነበረ፡ ብዛዕባ እቲ ንዓመታት ዝዋረዱሉን ክቡር ዋጋ ዝኸፈሉሉን ደፋዓቶም ኣውራ ድማ፡ ጽንዕቲ ዕርዲ 'ግዋ' ዝጸመዋ ዜማ ምስቲ ዝነበሮ ቃንዛ እናኣፈራረቐ ክደርፉ ጀሚሩ። እታ ደርፊ፦

**"ግዋና ግዋና እዛ ጽንዕቲ ዕርድና፡**
**ከም ጀራብን ማይ እንተ ትኸውንልና**
**ምተሸከምናኪ ብምሳላ ገይርና"**
**ከምኡ'ውን፡**
**"ናፓል ዋላ ቃልቃል ደብል፡**
**ዋላ ቃልቃል ደብል**
**ህዝባዊ ሰራዊትና ጸኒዑ'ሉ ኣብ መትከል"**

እዚ ደርፍታት እዚ ዝሰምዑ ኣብ ዝበን መኪና ደቂሶም ዝነበሩ ኣባላት ብርጌድ 31 ከጣቕዑ ምስ ጀመሩ፡ እቲ ዝነበረና ቃንዛ ንግዜኡ ዝጎ በልና። እታ መኪና ድማ፡ ሓንቲ ጉጅለ ባህሊ ተሳፋር ዘላ መሲላ፡ "ገበል ሃያ ቅዉጽ እግል ሰውረትካ፡ ኢትትሓከም እግሉ እግል ኣብይካ"፡ "ማሰዋእቲ ዋጋ ሓርነት" ወዘተ ዝብሉ ዜማታት ጉጅለ ባህሊ ብርጌድ 31 እናደገሙ ኑቲ ጥውይዋይ ጎቦ ብደሆ ኣብ ዝኑ ሓኹርና፡ ካብቲ ንሓለቡትን ኣራግን ዝጥምት ወገን ናብቲ ናብ ዓምበርበብ ዝጥምት ወገን ተቐየርና። እቲ ናብ ዓምበርበብ ዘሎ ቁልቁለት ካብቲ ናብ ሓለቡት ዘሎ ቁልቁለት ዝሓሸ'ዩ።

በቲ ጽሕፈታት መራሕቲ ህዝባዊ ግንባር ንጼጋም ገዲፍና፡ በቲ ብየማን ዝመጽእ ሩባ ተጠዊና። ድሕሪ ቀሩብ ጉዕዞ ድማ፡ ናብ ሓንቲ ኣብ ትሕቲ መሬት ዝተሃንጸት ከተማ ደበኽ ኢልና። "ሽዑ ረዚ፡ እዋይ ምዕባለ! ዓሸ ውድብና፡ እዚኣ ደኣ ኣስመራ እንድያ" ክብልን ንሕና ድማ ቃንዛና ንግዜኡ ረሲዕና ርእስና ኣቕኒዕና ኑቲ ኣብ ፈቐዶ ኣግራብን ዱርን ከምኡ'ውን፡ ኣብ ትሕቲ መሬት ዝተሃንጸ ጉዛውቲን ብልጭልጭ ዝብል ዝነበረ ለቸታትን እናጠመትና፡ ኑቲ የማን ጸጋም ናይቲ ሩባ ዝሰገገር ኣግማድ ኤለክትሪክ ዝሰማዕ ዝነበረ ድምጺ ጀነረይተራትን እናተዓዘብና፡ ድሕሪ ሕክምና ሓለቡት ዝዓበየ ካልኣይ ሕክምና ዓምበርበብ በጺሕና።

ይቕጽል...

### ካብ ቅርስታት ሰውራና
### ብዛዕባ ድፋዓት ናቕፋ እንታይ ትፈልጡ?

**ፈደል ፐ**

ፈደል ፐ ሩባ ሕዳይ ወዲእካ ንናቕፋ ኣብ ዘቖልቅል በሪኽ መንገዲ መኪና ዘሎ ድፋዕ እዩ። እዚ ዕርዲ'ዚ ጽርግያ ንምዕጻውን ንዕኡ ንምሕላውን ቀንዲ ቦታ'ዩ። ስለዚ፡ ቅርጺ ናይቲ ኣተሓሕዛ ድፋዕ ንፈደል ፐ እዩ ዝመስል። ካብዚ ትዕዝብቲ እዚ ዝወጸ ስም ድማ፡ መጸውዒኡ ኮይኑ ተሪፉ። ፈደል ፐ ንጽርግያ ከሪፉ ዘሎ፡ ጸላኢ ከኣ ካብ ርሑቕ'ውን ከም መብዮኺ (ኑቲ መላእ ግንባር ከፍርሰሉ ዝተመጸየ) ኣሉ ዝበሃሃን ዘይረኽቦን ዕርዲ'ዩ።



ፈደል_ፐ_ኣብ_ዝኽሪ_ሰማእታት_2011

### ካብ ሕቶታት ታሪኽና

1. ጉባኤታት ህዝባዊ ግንባር ዝተገበረሉ ቦታታት ጥቐሱ፡

ሀ/ ፋሕ፡ ብሌቃት፡ ዒራርብ ለ/ ፋሕ፡ ዒራርብ፡ ናቕፋ ሐ/ ዒራርብ፡ ኣራግ ናቕፋ

2. ህ.ግ.ሓ.ኤ. ናብ ህግደፍ ዝተቐየረሉ ጉባኤ ማበል ክንደይ'ዩ፧

ሀ/ 1ይ ጉባኤ ለ/ 2ይ ጉባኤ ሐ/ 3ይ ጉባኤ

3. ህዝባዊ ግንባር ንፈለማ ኣዋጅ ረፈረንደም ዘውጽኣሉ ዓመት፧

ሀ/ 1980 ለ/ 1988 ሐ/ 1993

4. ብወፍሪ ባሕሪ ነጋሽ ዝፍለጥ ወራር ኢትዮጵያ ማበል ክንደይ ነይሩ፧

ሀ/ 6ይ ወራር ለ/ 7ይ ወራር ሐ/ 8ይ ወራር

5. ጎቦ ኣዳል ኣበይ ይርከብ፧

ሀ/ ኣብ መንጎ ሃይኮታን ጎኒን ለ/ ኣብ መንጎ ሃይኮታን ፎርቶ ሳዋን ሐ/ ኣብ መንጎ ሃይኮታን ጎሉጅን



ጉጅለ_ባህሊ_ብርጌድ_31

# ምልክታት

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## .VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

**1. Position: Underground HME Planning Supervisor**

**Department: Mining**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- To be responsible for supervising the planning and scheduling work performed for maintenance and repairs of all the mining fleet equipment to ensure sustainable operations at Companies site to meet the approved business plans.

**Essential functions:**

- To supervise and coordinate the work of the maintenance Planners while complying with Company standards and "Safe work" policy
- Take part of planning meetings: daily , weekly, monthly & yearly
- Produce daily equipment status reports of machine under his responsibility
- Perform data validation in system and database for short-term planning confirmation and review plan strategy in the CMMS program
- Manage and co-ordinate the planned preventative maintenance planning and scheduling for the mining fleet and ancillary machines to prevent unnecessary downtime
- Facilitate the weekly meetings and scheduling according to the Companies maintenance strategic defined in CMMS (computerized maintenance management system) & prepared one day before
- Ensure that mechanical work done is recorded in CMMS according to expected standards measured against industry and Company standards
- To manage the planned component replacement (PCR) & unplanned component replacement
- Contribute to assess & improving of maintenance service via the key performance indicator (KPI) like MTTR, MTTF, availability Etc.
- Make a cost report that can allow management to take the decision to order New, REMAN /rebuilt or deallocating

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Cost Management / Budget Management
- Purchasing and Supply Chain
- Contractors
- Supervising Processes
- Planning and Scheduling
- Maintenance Planning Administration
- Human Resource Management
- Health, Safety and Environment

**Unique requirements/other information**

- Candidate must be physically and medically fit.

| **Qualifications:** | **Knowledge and Experience** |
|---|---|
| o Technical engineering trade or equivalent within the mechanical profession<br>o Certificate in Planned maintenance systems or equivalent<br>o 4 Years experience in a supervisory role in a mining environment | o 4 Years' experience in HME Mobile plant as a planned maintenance Supervisor<br>o Underground HME experience will be advantageous<br>o Previous expatriate assignment experience will be required<br>o Strategic HME planning experience will be highly advantageous |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| o Writing of technical reports<br>o Good communication skills on technical level<br>o Ability to understand trending (SOS Samples, Wear rate etc)<br>o Use the technical documentation of the manufacturers<br>o Writing of service reports<br>o Computer Literacy (MS Office – Intermediate and Excel – Advanced, In-house software)<br>o Theoretical understanding and practical implementation of safety management<br>o Problem solving skills<br>o Thorough understanding of quality management systems, techniques and best practice<br>o Maintenance Planning<br>o Maintenance Strategy<br>o Planning & Organizing<br>o Monitoring | o Committed to the organizational ethics, Driving for best result, Strive for quality, Practice ethical leadership, Committed to learning, Independent and responsible, able to make decisions, Leader, ability to chair meetings, Observer, with a good spirit of analysis and synthesis, Rigorous, organized, methodical and persistent, Good interpersonal skills and business-oriented, Ability to impart his knowledge, motivate his teams, Good decision maker, Mobile, available and motivated, Physically and mentally tough, he adapts to difficult working conditions, Adhering to principles & values, Relating and Networking, Persuading and Influencing, Writing And Reporting |

**2. General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirements for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**

**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272**
   **Asmara, Eritrea**

## ምልክታት ክፍሊት ግብሪ

ምምሕዳር ዞባ ማእከል፡ ካብ 02 ጥሪ 2026 ዓ/ም ጀሚሩ ዓመታዊ ግብሪ ከኽፍል ጀሚርና ከምዘለና እናኣፍለጥና፡ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኣሃዱ ኢታዊ ግብርን ቀረጽን ቁ/21 መጺእኩም ብኸምዚ ኣገባብ ክትከፍሉ ንሕብር።

1. ግብሪ መሬት፡ ግዝን ጸርያትን ናይ ንግዲ ፍቓድ፡ ክራይ ግዝ፡ ክራይ መደብ ዕዳጋታትን።
2. መንግስታዊ ወሃብቲ ኣገልግሎት፡ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪታትን ኣብያተ ትምህርትን ወዘተ።
3. ብግዚያዊ መሬት ሕርሻ፡ ሮታመን ፍሓምን ወዘተ ዝተመርሓልኩም፡ ምስ ክፊልኩም ፎርም ዓመታዊ ክራይ ውዕል ኣብ ቁ/14 መጺእኩም ክትወስዱ ንሕብር።

ኩሉኹም ዝምልከተኩም ክፊልቲ ግብሪ ኣብ እዋኑ ምስ ዘይትኸፍሉ፡ ንዝስዕብ መቕጻዕቲ ናትኩም ሓላፍነት ምዃኑ ደጊምና ንሕብር።

ምምሕዳር ዞባ ማእከል።

# ሕማም ልቢ - እቲ ቀዳማይ ቀታሊ ሕማም ኣብ ዓለም

ፕሮ/ታደሰ መሓሪ

ኣብ ዓለምና ካብ ዘለዉ ቀተልቲ ሕማማት፡ ሕማም ልቢ (Cardio-vascular disease) ቀዳማይ ኮይኑ ክስዕብ ከሎ፡ ካልኣይ ሕማም ሽኮር (Diabetes)፡ ሳልሳይ ደማ ሕማም መሸሮ (Cancer) ምዃናም መጸናዕትታት የረጋግጹ። ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ ዓለም እቲ ዝበዝሐ ሞት ደቂ ሰብ ዘስዕብ ዘሎ ሕማም ልቢ ምዃኑ ክረጋገጽ ከሎ፡ ጠንቂ ናይ'ዚ ከኣ፡ በዙሓት ዝስዕቡ ምኽንያታት ይግለጹ። ልቢ ብእትህቦ ኣገልግሎት፡ ካብ'ተን ኣብ ሰብነትና ዝርከባ ኣካላት (organs) እታ ኣዚያ ኣገዳሲትን ጠቓሚትን ምዃና ዘጠራጥር እኳ እንተዘይኮነ፡ ብዝተፈላለዩ መገድታት ክትጥቃዕ ዘለዋ ተኽእሎ ግን ኣዚዩ ልዑል'ዩ።

ሀ) መጀመርያ ልቢ፡ ደም ናብ ምሉእ ኣካላትና ንኽትጭርግሖ ብጭዋዳታት ዝተሃንጸት ስለዝኾነት እዞም ጭዋዳታት እዚኦም ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ክድኽሙ ወይ ክሀስዩ ከለዉ ሕማም ልቢ ይስዕብ። በዚ ምኽንያት'ዚ እዩ ከኣ ኣብ ሓደ ሓደ ሰባት ህርመት ልቢ ምስጠፍኦ ወይ ዘይስሩዕ ምስዝኾነሉ፡ ልቢ ስሩዕ ህርመት መታን ክህልዋ 'ፔይስመይከር' (pacemaker) ዝተባህለ ሓጋዚ መሳርሒ ዝግጠመሎም።

ለ) ካልኣይ፡ ካብ ልቢ ናብ ምሉእ ኣካላትና ደም ዘመላልሱ 'ኮሮናሪ ኣርተሪስ' (Coronary arteries) ዝተባህሉ ዓበይቲ ሰራውር (ሻምብቆታት) ደም፡ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት 'ካልስዩም' (calcium) ወይ ስብሒ ብምውህላል ክጸቡ ወይ ክዕበሱ ከለዉ፡ ቀንዲ ጠንቂ ሕማም ልብን ሞትን ከም ዝኾኑ ሓካይም ልቢ (Cardiologists) ይገልጹ። ኣብዚ እዋን'ዚ፡ በዞም ዝተጠቕሱ ሰራውር ደም ክመጽእ ዝኽእል ኣሉታዊ ሳዕቤን ብኡንኡ ንምፍላጥ ተባሂሉ ከኣ ዓቐን ካልስዩም ኣብ ኮሮናሪ ኣርተሪ (Coronary calcium score) ክውሰድ ተጀሚሩ'ሎ።

ሐ) ሳልሳይ፡ ልብና ንምጭንጓዕን ንምቕባል ደምን ዝቈጻጸሩ መሻኸቲ/ቫልቮላታት (valves) ስለእትውንን፡ እዞም ዝተጠቕሱ ቫልቮላታት ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ክሀስዩ ወይ ክበላሸዉ ከለዉ ሕማም ልቢ የኸትል።

መ) ብዘይካ'ዞም ዝተጠቕሱ ጠንቅታት ከኣ፡ ካብን ናብን ልቢ ደም ዘመላልሱ ደቀቕቲ ሰራውር ደም (capillaries) ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ክሀስዩ ከለዉ፡ ኣብ ሰውነትና ናብ ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ኣካላት ከበጽሖ ዝግብኦም ደም የቋርጽ'ሞ፡ እቲ ደም ዘየብጽሖ ኣካል፡ ብሕልፊ ከኣ ልቢ ዝያዳ ትሀሰ፡ እዚ ጸገም'ዚ ከኣ 'ሕማም ደቀቕቲ ሰራውር ደም' (micro-vascular disease) ተባሂሉ ይግለጽ።

ካብ'ዞም ልዕል ኢሎም ዝተጠቕሱ ምኽንያታት ከም እንርድኦ፡ ልብና ልዑል ጥንቃቐ እንተዘይገበርናላ ብዝተፈላለዩ ጠንቅታት ብቐሊሉ ክትጥቃዕ ዘሎ ተኽእሎ ልዑል ስለዝኾነ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ጠንቂ ሞት ብዙሓት ሰባት ትኸውን ምህላዋ'ዩ። በዚ ምኽንያት'ዚ'ኣብ ዓለም ካብ ዝኸሰቱ ሕማማት፡ ሕማም ልቢ ቀዳማይ ቀታሊ ኮይኑ ተመዝጊቡ ዘሎ። ዶ/ር ጀይ ዝተባህለ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዝነብር፡ ንልዕሊ 35 ዓመታት ብሕማም ልቢ ዝቕየ ልዕሊ 30 ሽሕ ሕሙማት ክኣልን ክሕክሞን ዝጸንሐን ዘሎን ህቡብ ሓኪም ልቢ (Cardiologist)፡ ኣብዚ ቀረባ እዋን ኣብ ዝገበሮ ቃለ-መሕትት፡ ንጠንቅታት ሕማም ልቢ ብኸም'ዚ ዝስዕብ ይገልጾ።

"ኣቐድም ኣቢሉ ሕማም ልቢ ብዕድመ ኣብ ዝደፍኡ ሰባት ዝኸሰት ሕማም ኮይኑ'ዩ ጸኒሑ። ኣብዚ እዋን'ዚ ግን ሕሙማት'ዚ ፍርቆም 65 ዓመትን ካብኡ ንላዕልን ክኾኑ ከለዉ፡ ፍርቆም ከኣ ትሕቲ 65 እዮም። እቲ ዝገርም ሓደ ሓደ እዋናት ትሕቲ 30 ዓመት ዝዕድመኦም በጽሒታት ከይተረፉ ብሕማም ልቢ ተሳቐዮም ክሕከሙ ዝመጹ ኣለዉ" ይብል ዶ/ር ጀይ። "ሓደ ካብኦም ንኣብነት ወዲ 28 ዓመት መንእሰይ ኮይኑ፡ ሓደ ካብ'ቶም ኣብ ልቡ ዝበጽሑ 'ኮሮናሪ ኣርተሪስ' ኣብ ውሽጡ ደም ረጊኡ (blood clot ፈጢሩ) ስለዝተዓበሰ ደም መሕለፊ ስኢኑ መጥቃዕቲ ልቢ ኣጋጢምዎ ብህጹጽ ረዲኤት መጺኡ፤ ዘደለ ሕክምናዊ ሓገዝ ህቡ ከኣ ኣሕወየ ሰዲደዮ" ብምባል ዶ/ር ጀይ ይገልጽ። "እዚ ዘርእየና፡ ኣገባብ ኣነባብራና (life style) ይቕየር ምህላዉ'ዩ። መጀመርያ ኣመጋግባና ዘይንቡር እናኾነ መጺኡ። ንሱ ከይኣክል፡ ምሉእ መዓልቲ ክንበልዕ ወዲልና ብዘይ ምንቅስቓስ ተረይዕና ንውዕል። እዚ ኩሉ ተደማሚሩ ከኣ ጠንቂ ሕማም ልብን ካልኦት ዝተፈላለዩ ሕማማትን ገይሩና ይርከብ" ይብል ዶ/ር ጀይ።

መጥቃዕቲ ልቢ (heart attack) ብኸመይ ከም ዝኸሰት ዶ/ር ጀይ ብኸም'ዚ ዝስዕብ ይገልጾ፡ ደም ምትራት ዝኾነ ስርሖም 'ኮሮናሪ ኣርተሪስ' ተባሂሎም ዝጽውዑ ዓበይቲ ሰራውር ደም፡ ብዝተፈለየ ምኽንያታት ኣብ ወሽጦም 'ካልስዩም' (calcium) ብምውህላል፡ ንፀዓኘኸ ሰ ዝመሳሰል ርሱሓት (plaque) ፈጢሮም እናጸበቡ ይኸዱ። ኣብ ወሽጢ'ዞም ሻምብቆታት ደም ዝእከብ ርሱሓት ከኣ ካብ እንንምገቦ ከም ሽኮር፡ ስብሒ፡ ኮለስትሮል፡ ብዝበዝሐ 'ካልስዩም' ዝሓዙ ዝተመጣርሑ መግብታትን ምዃኑ ይግለጽ። ዝተመጣርሑ መግብታት ዋሕዲ ክጸንሖ ተባሂሉ ጽሕነኦም (fiber) ስለዝጕድል ቀንዲ ጠንቂ ጥዕና ብሓፈሻ፡ ጠንቂ ሕማም ልቢ ከኣ ብፍላይ፡ ኮይናም ንረኽቦም። ካብ ዝተፈላለዩ መግብታት



Normal and Partly Blocked Blood Vessel

እንረኽቦ 'ካልስዩም' ዝተባህለ ማዕድን ከኣ እቲ ቀንዲ ጠንቂ ምእካብ ርሱሓት (ብዕኳኽ) ኣብ ሻምብቆታት ደም ምዃኑ ክረጋገጽ ተኻኢሉ'ዩ። ምእካብ ርሱሓት ኣብ ሻምብቆታት ደም ካብ ዘስዕቡ ምኽንያታት ከኣ ነድሪ ወይ ቁጥዐ ሰውነት (inflammation)፣ ኣብ ሰብነትና ዝኸሰት ዘይንቡር ስነህይወታዊ ተግባር (physiology)፡ ከምኡ'ውን ዘይምዕሩይ ስርዓት ምሕቃቕ መግቢ፡ ብሕልፊ ከኣ ተደጋጋሚ ዕንቅፋት (constipation)፡ ምዃኑ ተመራመርቲ ይገልጹ። ነድሪ፡ ናብ ሰውነትና ዝኣቱ ዘየድሊ ነገር ንምቅዋም ብጥሆትታት ዝወሰድ ግብረ-መልሲ'ዩ። ነድሪ ኣብ ዝኸሰተሉ እዋን ከኣ፡ ንምዕጋቱ ተባሂሉ ምርጋእ ደም ክስዕብ ከም ዝኽእል ተመራመርቲ ይገልጹ።

**ስብሒ ናውቲ ከብዲ (visceral fat)**

ሓደ ካብ ጠንቅታት መጥቃዕቲ ልቢ፡ ኣብ ናውቲ ከብድና ዝእከብ ስብሒ ምዃኑ ዝተገብሩ መጽናዕትታት ይሕብሩ። ኣብ ናውቲ ከብዲ ዝእከብ ስብሒ ኣብ ካልእ ሰብነትና ካብ ዝእከብ ስብሒ ብዓይነቱ ዝተፈልየ እዩ። ኣብ ካልእ ኣካላትና ዝርከብ ስብሒ ትሕቲ ቆርበትና'ዩ ዝእከብ፣ ስብሒ ናውቲ ከብዲ ግን ኣብ መዓሙቕ ከብድና ጕርጓሕ (abdominal cavity) ተሸጕጡ'ዩ ዝውህለል። ብቐሊሉ ክእለ ዘይክእል ኣብ ርእሲ ምዃኑ ከኣ መርዛምን ነድሪ ኣካላት ዝፈጥርን ምዃኑ ይግለጽ። ስብሒ ኣብ ናውቲ ከብዲ ካብ ዝእከበሎም ቀንዲ ምኽንያታት ከኣ እዞም ዝስዕቡ ክጥቀሱ ይኽእሉ፥

ሀ) ብዙሕ ምምጋብ - ብዙሕ መግቢ




ኣብ እንወስደሉ ግዜ ካብ ዝበርት ንላዕሊ ኢንሱሊን ካብ መግቢ ሓቂቒ ብምልኣኡ ክህልኾ እንተዘይክኢልና ከኣ ምእካብ ስብሒ ኣብ ናውቲ ከብዲ የስዕብ።

ለ) ጭንቀት - ሕዱር ጭንቀት/ሻቕሎት፡ 'ኮርቲሶል' (cortisol) ዝተባህለ ነገረ (hormone) ብዝበዝሐ ከምዝፈሪ ይገብር'ሞ መጠን ሽኮር (glucose) ኣብ ሰብነት ይዛይድ፣ ናብ ስብሒ ቐይሩ ከኣ ኣብ ናውቲ ከብዲ ከም ዝኽዘን ይገብር።

ሐ) ተፈጥሮ - ሓደ ሓደ ሰባት ብዝተፈጥሮኦም (genetically) ስብሒ ናውቲ ከብዲ ናይ ምኽዛን ባህርይ ኣለዎም።

መ) ዋሕዲ ምንቅስቓስ ኣካላት - ዝተኣኻ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ብምግባር ዝበልዕናዮ መግቢ ከቃጽሎ እንተዘይክኢልና ናብ ስብሒ ተቐይሩ ኣብ ኣካላትና ብሕልፊ ከኣ ኣብ ናውቲ ከብድና ይኽዘን።

ሰ) ዕድመ - ምስ ምድፋእ ዕድመ፡ ስርዓት-ምሕቃቕ መግቢ ማጠኑ ስለዝኸክ፡ ምኽዛን ስብሒ ኣብ ናውቲ ከብዲ እናዛየደ ይኸይድ። ኣብ ርእሲ'ዚ ስብሒ ናውቲ ከብዲ፡ ንልቢ፣ ጸላም ከብዲ፣ ኮላሊት፣ ጣፍያ (pancreas)፣ ወዘተ... ብስብሒ ሽፊኑ ንቡር ዕምምዝን ከየተግብራ የተዓናቕፈን። ስብሒ ናውቲ ከብዲ ብዝበዝሐ ምስ ዝእከብ ከብድና ንቕድሚት ይወጠጥ፤ እዚ ከኣ ቀንዲ ጠንቂ መጥቃዕቲ ልቢ ክኸውን ከም ዝኽእል ዶ/ር ጀይ ይገልጽ። "ንሕክምናዊ ረዲኤት ናብ ስቱደዮ'ይ ዝመጹ ሕሙማት ከብዶም ዝተወጠጠ ምዃኑ ክዕዘብ ከለኹ ጸገም ከም ዘለዎም ብኡንኡ ይርድኣኒ" ከኣ ይብል። ስብሒ ናውቲ ከብዲ ሓንሳብ ምስተኣከበ ብቐሊሉ ክጎድል ስለዘይክእል ንምጉዳሉ ብሓካይምን ከኢላታት ስነ-ኣመጋግባን ዝወሃብ ክንክተሎ ዝግባኣና ምኽሪ ወይ ኣገባብ ክንረኣ ኢና።

ብተወሳኺ፡ ናይ ዘመንና ሓካይም ልቢ (Cardiologists)፡ መጥቃዕቲ ልቢ ዝኸስተሉ ኣገባብ ብኸምዚ ዝስዕብ ምዃኑ ይገልጹ። ኣብ ወሽጣዊ ግድግዳ 'ኮሮናሪ ኣርተሪስ' ዝእከብ መብዛሕትኡ ብ'ካልስዩም' ዝተዓበለ ርሱሓት (ብዕኳኽ)፡ ሻምብቆታት ወይ ሰራውር ደም እንዳጸበቡ ይኸዱ'ሞ ኣብ መጀመርያ ጸቕጢ ደም የስዕብ። ዝ ጸገም'ዚ ብኣግኡ ኣለሊና ቅዲ ኣነባብራና (ኣመጋግባናን ምንቅስቓሳት ኣካላትናን) ከየማረርናዮ እንተዘይኪኢልና ከኣ ዋሕዚ ደም ናብ ልቢ ብምጕዳል 'ኣንጃይና' (Angina) ዝተባህለ ሕማም ልቢ ክኸትል ይኽእል። ዝ ጠንቂ'ዚ ብዘይምስትብሃልና ወይ ብዘይምጒዳእና እናማዕበለ ኣብ ዝኸደሉ እዋን ከኣ ኣብ 'ኮሮናሪ ኣርተሪስ' ዝእከብ ርሱሓት (ብዕኳኽ) ብዝበዝሐ ካብ ምእካብ ዝተላዕለ፡ ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ይፍንጫሕ (rapture ይገብር) ወይ ክኹቶዕ ይጅምር። በቲ ዝበርት መስርሒ፡ መድመይቲ ወይ ቘስሊ ኣብ ሰውነትና ምስ ዘጋጥም፡ ቀያሕቲ ዋህዮታትን 'ፕላተለት' (platelets) ዝተባህሉ ደቀቕቲ ዋዮታት ደምን፡ ደም ብምርጋእ (blood clot ብምፍጣር) ደም ከይፈስስን ቘስሊ ከኣ ቀልጢፉ ንኽሓውን ይቃለሱ። እዚ ኣብ ሻምብቆ ደም ዝርከብ ርሱሓት (ብዕኳኽ) ከኣ ቘስሊ ክኸውን ይኽእል'ዩ ብምባል መስርሕ ምጽጋን ሰውነትና፡ ደም ኣብኡ ከም ዝረግእ (blood clot ከም ዝፈጥር) ይገብር። እዚ ዝረገአ ደም ናብ ልቢ ዝኸይድ ዋሕዚ ደም ዓቢሱ ከኣ መጥቃዕቲ ልቢ (Heart attack/Myocardial infraction) የኸትል።

**ምንጪ ጽሑፍ፡ (ChatGPT - PocketPal)-AI, 2026፣ ቃለ-መሕትት ምስ ዶ/ር ጀይ)**

**ይቕጽል**

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ፊያሪና |
| 09:35 | ዶክመንት |
| 10:20 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ማእገር |
| 11:00 | ዶክተራት ኣብ ስቱድዮ |
| 11:40 | ቀስተ ደሕሰት |
| 14:00 | ሞዚይክ |
| 17:00 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ፍረ ጻዕሪ |
| 17:30 | ፈንቅል |
| 18:15 | መደብ ሄራር |
| 18:50 | ህርመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ፊልም እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መደብ ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ድራማ |
| 22:40 | ዜና (እንግሊዝ) |

### ሰኑይ

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሃለው ደባይዋ |
| 15:30 | ዶክመንት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ድራማ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ደረትቃና |
| 19:10 | ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻመታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ደሃይ ሕትመት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ሕዋሪት 2ይ ክፋል |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

